## ናቕፋ።

ናቕፋ ታሪኻዊት ባዓልቲ ዝና፣
ብጽንዓትኪ ብዙሕ ተሓቢና፣
ስምኪ ኣስፈርናዮ ኣብ ባጠራና።
ሕጂ ከኣ እንሆ ክትሕደሲ ኢኺ ተባሂሉ፣
እንታይ ኮን ክብሉ'ዮም እቶም ጎሓላሉ፣
ንዓኺ ሓቢኦም ዘይብሎም ዝመስሉ።
እንታይ'ዮም ክብሉ እንታ'ከ ክዛረቡ፣
ወረ እንታይ'ዮም ክምህዙ እንታይ ክጣበቡ፣
ናቕፋ ሓቢኦም ቁጠባ ሃገር ዘዘቕበቡ።
ባንካታት ሃገርና መሲሉዎም ዝተርፍ ባዶ፣
ኣብ ፍርናሽ ኣስፊሮምኺ ኣብ ጉድጉዶ፣
ገለ ከኣ ኣጊሾምኺ ኣብ ስግር ማዕዶ።
ናቕፋ ስምኪ ወሪስክዮ ካብ ስሪሒት ጀጋኑ ና፣
ሂዎቶም ዝሃቡ ምእንቲ ራህዋና፣
ንስኺ'ዶ ክትሕብኢ ምተገብኤ ኣብ ባንካ ጸላእትና።
ሕልና ዘይብሎም ሃርጋፋት ደቂ ሃገር፣
ኣብከንዲ ገንዘቦም ዘዋፍሩ ንልምዓት ንቁምነገር፣
ኣብ ስርቂ ተዋፊሮም በዓል ፈገር መገር።
ንዓኺ ከውድቁ ተዋፊሮም ኣብ ሓዋላ፣
ኣብ መቐለ እናኣካየዱ ናይ ቅጥፈት ዋዕላ፣
ተግባራቶም ጸይቂ ስራሖም ስራሕ ዕዋላ።




መዔቀኒ ዘይብሎም ሚዛን ሓቂ፣
ስራሖም ቅጥፈት ዓላማኦም ስርቂ፣
መሲልዎም ኔሩ ናቕፋ ትወድቂ።

ህዝበይ ኣይትዓሹ ኣይትደናገር፣
ኣስተውዕል ኣስተብህል ስራሕ ናይቲ ፈገር፣
ጎረቤቱ ተሸጊሩ ከሎ ናቕፋ ዝቐብር።

ዘገርም'ዩ ብዙሕ ዘተሓሳስብ፣
ሰብ ከይሰርሔ'ዶ ሚልዮናት ይኸስብ፣
ግብሪ ዘይከፍል ንጹጉማት ዘይሓስብ።

እቶም ዘዕገርግሩ ለውጢ'ባ ዲሞክራሲ እናበሉ፣
እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክጸንዕ ኣለዎ  ዝብሉ፣
ናቕፋ ንምውዳቕ ለይትን መዓልትን'ዮም ዝምህለሉ።

ሕድሪ ጀጋኑና ንዕብየት ሃገርና፣
ሕጂ'ውን ክንቃለስ እና ኒሂርና፣
ሚዛኑ ክዓቢ ናቕፋ ባጠራና።

ሰላምን ብልጽግናን ንህዝብናን ሃገርናን።
ሞጎስ ነቲ ለይትን ማዓልትን እናተኸላኸለ ሃገር ዝሃንጽ ዘሎ ምክልኻል ሓይልታት ና።
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር